
ሓሙሽተ
መጠንቐቕታ
ካብ መልእኽቲ
እብራውያን

እዚ ጽሑፍ እዚ ዝኾነ ሰብ ኣባዚሑ ክጥቀመሉ ይኽእል እዩ።

ብዝኾነ ዓይነት መግዲ ብውልቀሰብ ይኹን ብማሕበር

ኣብ መሸጣ ክውዕል ግና ኣይፍቀድን እዩ።

ኣዳላዊ ፣ ኣገልግሎት ቤተ-ጽዮን 2011

beteZION Ministry

ንዘለኩም ሕቶ ይኹን ርእይቶ

በዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ለእኹልና።

info@betezion.com

# ሓሙሽተ መጠንቀቕታ

## ካብ መልእኽቲ እብራውያን

## መእተዊ

ይዝከረኒ ፍቓድ ምምራሕ መኪና (ፓቴንት) ክውጽእ ከለኹ ናይ ቃል ፈተና  ክሓልፍ ብግዲ ኔሩ። ንዕኡ ንክሓልፍ ድማ ከጽንዖም ዝግብኣኒ ነገራት ኔሮም። ንሱ ከኣ ብዛዕባ ሕግን ስርዓትን ምምራሕ መኪና (ሕጋጋት ትራፊክ) እዩ። ሕጋጋት ትራፊክ ብግቡእ ምፍላጥን ኣብ ተግባር ምውዓልን ነቲ ከጋጥም ዝክእል ሓደጋታት ብዓቢ ሚእታዊት እዩ ዝቕንሶ ፤ መብዛሕትኡ ግዜ ሓደጋ ዘጋጥም ሕጊ ምስ ዝጠሓስ ስለዝኾነ። ብሓፈሻኡ ሕጋጋት ትራፊክ ኣብ ሰለስተ እዮም ዝኽፈሉ። (ካብ ሃገር ናብ ሃገር ክፈላለ ይኽእል እኳ እንተኾነ) እቲ ቀዳማይ ዝኽልክል ሕጊ ፤ እቲ ካልኣይ ዘጠንቅቕ ሕጊ ፤ እቲ ሳልሳይ ድማ ሓበሬታ ዝህብ እዩ። ኣብዚ ጸዕቂ ትራፊክ እናበዝሐ ዝኸደሉ ዘሎ ዘመን እምበኣር ግቡእ ሕጋጋት ትራፊክ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ንኣብነት ቀዳምነት ሃብ (GIVE WAY) ዝብል ሕጊ እንተ ዘይኣኽቢርና ብኻልእ ሸነኽ ምስ እትመጽእ መኪና ምልታም እዩ ዘስዕብ። ቀዳምነት ሃብ እንተኾይኑ ቀዳምነት ሃብ እዩ። ድው በል (STOP) እንተኾይኑ ድማ ደው በል እዩ። ከምኡውን እቶም ካልኦት ሕጋጋት። ኩሉ ሕጋጋት ትራፊክ ዝቆመሉ ምኽንያት እምበኣር ንደሕንነትና ተባሂሉ እምበር ካልእ ዕላማ የብሉን።

"መሲልካ እንታይ ኣምጻእካ፡" እንድዩ እቲ ነገር ፤ እዚ ዝበልኩሉ ምኽንያት ብዛዕባ ናይ ህይወት መጠንቀቕታ ክዛረብ ስለዝደለኹ እዩ። ከም 'ንፈልጦ መጽሓፍ ቅዱስ ካብ ኣምላኽ እተውሃበና መምርሒ ህይወት እዩ። ስለዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ናይ ትራፊክ ሕጋጋት ዝኽልክል ፤ ዘጠንቅቕን ዝሕብርን ሕጋጋት ዝሓዘ እዩ ክንብል ንኽእል። ኣብዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ግና ብዛዕባ ኩሉ እቲ መጽሓፍ ቅዱስ ዝሓቆፎም ሕጋጋት ክዝርዝር ዘይኮነስ ብዛዕባ ኣብ መልእኽቲ ናብ እብራውያን ተጠቒሰን ዘለዋ መጠንቀቕታታት እየ ክዛረብ ደልየ ዘለኹ።

ቅድሚ ናብቲ ዝደለኽዎ ነጥቢ ምእታወይ ግና ገለ ብዛዕባ እዛ መልእኽቲ ክንትንክፎም ዘሎና ነጥብታት ኣሕጽር ኣቢለ ክጠቅስ እደሊ።

## ጸሓፊ እታ መልእኽቲ ፤

ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ብርግጽ ኣይፍለጥን እዩ። ኣብ ገለ ሸነኽ ናይቲ ኣገባብ ኣጸሓሕፋ ንጳውሎስ ጥራይ ዝበርሃሉ ነገራት ከም እኒ ፤ ሕጊ ብክርስቶስ ከም እተፈጸመን  ክርስቶስ ኣብ ሰማያት ኣብ ናይ ክብሪ ዙፋን ከም እተቐመጠን ይጠቅስ። ብተወሳኺ ድማ መተዓይይቲ ጳውሎስ ተጠቒሶም ንረኽቦም። እዚ ድማ ጸሓፊኣ ጳውሎስ እዩ ናብ ምባል የዛዝወካ። በቲ ካልእ ሸነኹ ድማ እቲ ጳውሎስ ደጋጊሙ ዝዛረበሉ ብዛዕባ ንኣህዛብ  ዝምልከት ምድሓን ብዘይምጥቃሱ ጸሓፊኣ ጳውሎስ ኣይኮነን ዝብሉ መምሃራን ኣለዉ። በዚ ኾነ በቲ ግና መንፈስ ኣምላኽ በቲ ጸሓፊ ጌሩ መልእኽቱ ከመሓላልፍ እንከሎ ብግልጺ ክንርዳእ ንኽእል።

## ተቐበልቲ መልእኽቲ ፤

ኣይሁድ እብራውያን ዝብል ካብ ኣብርሃም ዝተወርሰ መጸውዒ ስም ኣለዎም። (ዘፍ 14 ፡13) ጸኒሑ ድማ ኣይሁድ ክምናይ ክብሪ መጸውዒ ጌሮም  ክጥቀሙሉ ንርኢ። ንኣብነት ጳውሎስ ባዕሉ "ካብ ዕብራዊ እብራዊ..."

ብምባል ብዛዕባ ርእሱ ክመጻረይ እንከሎ ጠቒስዎ ኣሎ። ስለዚ ድማ ኣብዚ መልእኽቲ ዝተጠቕሰ ስም ማሕበር ብዘይምህላው እታ መልእኽቲ ነተን ኣብ ኣይሁድ ዝነበራ ማሕበራት ከይኮነት ኣይተተርፍን እያ። “ኣነ ቀልጢፈ ከም ብሓድሽ ምእንቲ ክውሃበኩም” (13 ፥19) “ጢሞቴዎስ ሓውና… ንሱ ቀልጢፉ እንተ መጸ ምስኡ ክርእየኩም እየ።” (13 ፥23) ዝብሉ ጥቕስታት ብዛዕባ ምስቲ ጸሓፊ ዘለዎ ጥቡቕ ሕብረት እዩ ዘርእየና ፤ ምናልባት ውን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ኣይሁድ ኣመንቲ ክኸውን ይኽእል እዩ። እትኾን ግና እዕሚቑና እንተ ኣስተብሂልናሉ ፤ እዛ መልእኽቲ ብርግጽ ነዛ ብብዙሕ ዝርአን ዝስማዕን ትጽሎ ዘላ ቤተክርስትያንን ክርስትና ትርጉሙ ዝሃሰን መቐረቱ ዝጠፍኦ ዘሎ ወለዶን እዋናዊ ዝኾነ መልእኽቲ እያ ሓቑፋ ዘላ።

## ዕላማ መልእኽቲ ፤

ነዚ ጸሓፊ ብርዒ ኣልዒሉ ክጽሕፍ ዝደረኾ ምኽንያት እንታይ እዩ፧ እታ መልእኽቲ ባዕላ ነዚ ሕቶ ትምልሶ እያ። እምነት ናይዞም ሰባት ከምቲ ዝግብኦ ይዓቢ ኣይነበረን። መቐረትን ትርጉምን ክርስትና ስለዝጠፍኦም ገለ ድንዛዘ ክርእዩ ጀሚሮም። ብተወሳኺ ድማ ናብቲ ናይ ቀደም እምነቶምን ባህሎምን ፤ ናብ ሕጊ ሙሴን ካልእ ናይ ኣምልኾ ልምድታትን ዝተመለሱ ይመስሉ። ገለ ካብቲ ጸገማቶም ንምጥቃስ ፤ “ናብቲ ዝሰምዖ ኣዝዮም ዘይምቕላብ” “ንኣዝዩ ዓቢ ምድሓን ሸለል ምባል” “ናብ ዕረፍቲ ካብ ምእታው ንድሕሪት ምትራፍ” “ብፍቓዶም ናብ ሓጥያት ምምላስ”…።ስለዚ ድማ ጽሓፋይ እዛ መልእኽቲ ፤ ካብቲ ኣካይዳን ዘለውዎ ኩነታትን ንኽመልሶም ኢሉ መጠንቀቕታታት ዝሓቘፈ መልእኽቱ ክጽሕፍ ተገደደ። እዚ ጸገም እዚ ናትና ጸገም’ውን ስለዝኾነ እየ እምበኣር ኣገዳስነት ናይዛ ምልእኽቲ ንዓና ዓቢ ምኺኑ ኣቐዲመ ዝገለጽኩ።

## ኣቀራርባ መልእኽቲ ፤

ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ዕላማኡ ንኽወቕዕ መልእኽቱ ብኸመይ እቕሪብዎ፧ ኢልና እንተሓቲትና ብዘገርም መስርዕ ንመልእኽቱ ከም ዝሃነጾ ክንርዳእ ኣየሸግረናን እዩ። እቲ መልእኽቱ ብሓደ ጽኑዕ መርትዖ እዩ ጀሚርዎ። ንሱ ድማ ኣምላኽ ኩሉ ግዜ ከም ዝዛረብ ፤ ቀደም ነቦታት ብነብያት ፤ ኣብዚ ዳሕራይ ዘመን ድማ ንዓና ብወዱ ጌሩ ከም እተዛረበና። እዚ ብኽልተ መገዲ ኣቢሉ ዝመጽእ መልእኽቲ ኣብ ሓቅነቱ ፍልልይ የብሉን። ኣብ ክልቲኡ እዋን ዝተዛረበ ኣምላኽ እዩ። ብኻልእ ሸነኹ ግና ክልቲኡ መልእኽቲ ፍልልይ ኣለዎ። ፍልልይ ዝሃለዎ ድማ ብሰንኪ እቲ ኣብ ዳሕረዋይ ጊዜ መልእኽተኛ ኮይኑ ዝመጽአን ነቲ መልእኽቲ ዝፈጸሞን ወዲ ኣምላኽ እዩ። እዚ ወዲ ኣምላኽ እዚ ሕመረት ናይ መደብ ኣምላኽ ስለዝኾነ ብዛዕብኡ ቅኑዕ ርድኢት ምስዝህልወና እዩ እምነትና ትርጉም ዝህልዎ። ሰብ እብራውያን መንነት ናይ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዝጠፍኦም እዮም እምበኣር ክድንዝዙን ንድሕሪት ክብሉን ዝጀመሩ። ስለዚ ድማ ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ነቲ ኣብ ሰብ እብራውያን ዝነበረ ግጉይ ርድኢት ንምዕራይ ፤ መንነት ክርስቶስ ሓደ ብሓደ ብምግላጽ እዩ ንመልእኽቱ ኣቕሪብዎ። ንሱ ድማ ፤

ሀ. ክርስቶስ ዝበለጸ ሃዋርያ (ካብ ሙሴ ዝበለጸ) (3 ፥1-4 ፥13)
ለ. ክርስቶስ ዝበለጸ ካህን (4 ፥14-7 ፥28)
ሐ. ክርስቶስ ዝበለጸ ኪዳን (8 ፥1-9 ፥28)
መ. ክርስቶስ ዝበለጸ መስዋእቲ (10 ፥1-18)

ነዚ ምስ እንርኢ ከምቲ ቀሺ ብርሃነ ኣብ “መጽሓፍ ቅዱስካ ፍለጦ” እትብል መጽሓፉ ዝገለጾ መልእኽቲ እብራውያን “ክርስቶስ እቲ ዝበለጸ” ኢልና ክንሰምዕ ንኽእል። ምኽንያቱ ንሱ ብርግጽ ካብ ኩሉ ዝበለጸ እዩ።

እዚ ክፋል እዚ ማለት ካብ ምዕራፍ 1 ፥1 ክሳብ ምዕራፍ 10 ፥18 ዘሎ ሰረተ- እምነታዊ (Doctrinal) ትምህርቲ ዝሓቘፈ ክኸውን እንከሎ ፤ እቲ ካልኣይ ክፋሉ ማለት ካብ ምዕራፍ 10 ፥19 ክሳብ መወዳእታ ዘሎ ድማ ተግባራዊ (Practical) ትሕዝቶ ዝሓቘፈ እዩ። ኣብዚ ካልኣይ ክፋሉ ንረኽቦ ነጥብታት ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ክግለጽ ይከኣል ፤

ሀ. ናብቲ ቅዱስ መቕደሱ ምታውን ኣብኡ ምንባርን (10 ፥19-25)
ለ. ምልኣት እምነት (11 ፥1-40)
ሐ. ትዕግስቲ ተስፋ (12 ፥1-13)
መ. ፍቕርን ሰናይ ግብርን (13 ፥1-25)

ኣብ መልእኽቲ እብራውያን ምስዚ ሰረተ- እምነታውን ተግባራውን ትሕዝቶ ተኣሳሲረን ዝኸዳ ሓሙሽተ መጠንቀቕታታት ኣለዋ። እዘን ሓሙሽተ መጠንቀቕታታት እየ ድማ ክንዘራረበለን ደልየ ዘለኹ። ከምቲ ኣብ እዋን ምዝዋር መኪና ነቲ ብሕጋጋት ትራፊክ ዝውሃበና መጠንቀቕታታት ብግቡእ ኣቓልቦ እናሃብና ክንጓዓዝ ዘሎና ከምኡ ድማ ክርስትያናዊ ጉዕዞ ካብ ድንዛዘን ንድሕሪት ምባልን ክንዕቅቦ እንተኾንና ነቲ ዝወሃበና መጠንቀቕታ ግቡእ ኣቓልቦ ክንህቦ ኣሎና።

1. ቀዳማይ መጠንቐቕታ "ናብቲ ዝሰማዕናዮ ነቕልብ" (2 ፡1-4)
2. ካልእይ መጠንቐቕታ "ናብ ዕረፍቱ ካብ ምእታው ከይንተርፍ ንጠንቀቕ" (3 ፡7-4 ፡13)
3. ሳልሳይ መጠንቐቕታ "ካብ ድንዛዘን ምውዳቕን ንጠንቐቕ" (5 ፡10-6 ፡20)
4. ራብዓይ መጠንቐቕታ "ፈቲኻ ሓጢኣት ካብ ምግባርን ንድሕሪት ካብ ምምላስን ንጠንቐቕ" (10 ፡26-39)
5. ሓሙሻይ መጠንቐቕታ "ካብ ንክርስቶስ ዝባንካ ምሃብ ንጠንቐቕ" (12 ፡14-29)

# ቀዳማይ መጠንቐቕታ

## "ናብቲ ዝሰማዕናዮ ነቕልብ" (ምዕ. 2.1-4)

"ስለዚ ምእንቲ ኸይንጠፍእ ፡ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ክነቕልብ ይግብኣና እዩ።" (ምዕ.2.1) እዚ ክፋል ጽሑፍ እዚ "ስለዚ..." ኢሉ ብምጅማሩ ነቲ ብቕድሚኡ ዘሎ ሓሳብ ክንርኢ ንግደድ። ከም ዝፍለጥ ጸሓፋይ መልእኽቲ እብራውያን ኣቐዲሙ ዝገለጾ ነቲ መሰረታዊ ሓቂ ዝኾነ ሓሳብ እዩ። "ኣምላኽ ቀደም ንኣቦታትና ብነብያት ከም እተዛረቦም ኣብዚ ዳሕረዋይ ዘመን ድማ ንዓና ብወዱ የሱስ ክርስቶስ ከም እተዛረበና።" ቀደም ናይቲ ክመጽእ ዘለዎ ጽላሎት እዩ ዝዛረብ ኔሩ። ኣብዚ ዳሕራይ ዘመን ግና እቲ እካል ባዕሉ እዩ ተዛሪቡ። እቲ ቀደም ብነብያት እተዛረበ ኣምላኽ ኣብዚ ዳሕራይ ዘመን ፡ በቲ "ወራሲ ኩሉ" "ፈጣሪ ዓለም" "ናይ ክብሩ ነጸብራቕ" "ቅርጺ ባህሪኡ" "ንኹሉ ብሓይሊ ቃሉ ዝጾሮ" "ምንጻህ ሓጥያትና ዝገበረ" "ኣብ የማን ግርማ እተቐመጠ" ወዱ ጌሩ ከም እተዛረበና ይገልጽ። ወሲኹ ድማ ብዛዕባ ወዱ ካብ መላእኽቲ ዝበልጽ ምዃኑ ይዝርዝር። ድሕርዚ ኩሉ ምግላጽ ናይ ዕቤት ወዱ የሱስ ክርስቶስ (ካብ መላእኽቲ ከም ዝበልጽ) እዩ እምበእር "ስለዚ..." ብምባል ቀዳማይ መጠንቐቕታኡ ዝጀመረ። "ስለዚ ምእንቲ ከይንጠፍእ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ክነቕልብ ይግብኣና እዩ።..." (2 ፡1)

ነዚ መጠንቀቕታ እዚ ከብርህ እንክሎ ከምዚ ይብል ፡ "እቲ ብመላእኽቲ እተነግረ ቃል ካብ ዚጸንዕ ኩሉ በደልን ዘይምእዛዝን ከኣ ቅኑዕ ፍዳኡ ካብ ዝቕበል ፡ ምስ ናይዚ ድማ ፡ኣምላኽ ከም ፍቓዱ ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ዝኾነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስን እናመስከረ ፡ ንሱ ኸኣ ኣባና ዝጸንዔስ ፡ ንሕና ግዳ ኸንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል ከመይ ጌርና ክንመልቕ ይከኣለና፡" (2 ፡2-4)

እቲ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ምድሓን ዕዙዝ እዩ። ነዚ ምድሓን እዚ ኣምላኽ ብትእምርትን ብተእምራትን በበይኑ ብዝኾነ ሓይልታትን ከምኡውን ብምዕዳል መንፈስ ቅዱስን እዩ መስኪርዎ። ስለዚ ድማ እቲ ቐደም ብነብያት ዝነገሮ ቃል ካብ ጸንዔን ብእኡ ዝመጽእ በደልን ዘይምእዛዝን ቅኑዕ ፍዳኡ ካብ ተቐበለን ከመይ ንሕና ነቲ ካብ መላእኽቲ ዝበለጸ ክርስቶስ እተነገረና ኣዚና ክነቕልበሉ ዘይግብኣና፧

ነስተብህል ፡ እቲ እተቐበልናዮ ዕዙዝ ምድሓን ውጽኢት ስራሕ ናይ ስላሴ እዩ። ኣቦ ንዓና ብዘለዎ ፍቕሪ ብወዱ ተዛሪበና ፡ ወዱ ድማ ነቲ ካብ ኣቦ ዝኾነልና ቃልን ምድሓንን ሃበና ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነቲ ኣቦ ብወዱ ጌሩ እተዛረቦ ኣባና ክሰርሕ ይድግፈልና። ስለዚ ደጋፊ ስለ ዘሎና ናብቲ ዝሰማዕናዮ ነቕልብ!!!!!!

# ካልኣይ መጠንቐቕታ
## “ናብ ዕረፍቱ ካብ ምእታው ከይንተርፍ ንጠንቐቕ” (ምዕ.3.7-4.13)

ካልአይ መጠንቐቕታ ቅድሚ ምሃቡ ዘሎ መልእኽታት እንተ ኣቕሊብናሉ ድማ ፣ ብዛዕባ የሱስ ካብ ሙሴ ዝበልጽ ምዃኑ እዩ ዝገልጽ። የሱስ ካብ ሙሴ ከም ዝበልጽ ምንጽጻርን መርትዖ ምቕራብን ንምንታይ ኣድለየ፡ ሰብ እብራውያን ናብ ናይ ሙሴ ትምህርትታትን ስርዓትትን ብምምላሶም ከይኮኑ ኣይተርፍን። ብርግጽ የሱስ ካብ ሙሴ ኣዝዩ እዩ ዝበልጽ። ጽሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ምስዚ ኣተሓሒዙ “ናብ ዕረፍቱ ካብ ምእታው ከይንተርፍ ንጠንቀቕ” ብምባል ካልኣይ መጠንቀቕታኡ ይህብ።

ካብቲ ታሪኽ ከም እንርድኦ ኣምላኽ ንህዝቢ እስራኤል ካብ ናይ ግብጺ ባርነት ብመሪሕነት ሙሴ ኣናገፎም። ቀይሕ ባሕሪ ድማ ኣሳገሮም። እንተኾነ ግና ኩሎም ናብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ናይ ዕረፍቲ ቦታኦም ዝኾነት ከንኣን ኣይኣተዉን። ምኽንያት ዘይመእተዊኦም ክነግር ከሎ ድማ ተረርቲ ክሳድ ብምዃኖም ወይ ድማ ብሰንኪ ዘይምእማኖም እዩ። በቲ ጊዜ እቲ ኣምላኽ ብሙሴ ገይሩ ደጋጊሙ ይዛረቦምን የጠንቅቖምን ነይሩ። ስለ ዘይሰምዕዎ ግና ኣምላኽ ኮረየሎም ፣ “ብቑጥዓይ ድማ ናብ ዕረፍተይ ኣይክኣትዉን እየ” ኢሉ መሓለ። ከምቲ ዝመሓሎ ድማ እቶም ቀዳሞት ወለዶ ናብ ዕረፍቱ ኣይኣተዉን። ንዓና ድማ “ሎሚ ድምጹ እንተሰማዕኩም…” ከምኣታቶም ከይትኾኑ ልብኹም ኣይትተርሩ ፣ እዩ ዝብለና ዘሎ። ጉዕዞ ህዝቢ እስራኤል ንጉዕዞ ክርስትና ጽቡቕ ገይሩ ክገልጽ ይኽእል። ከመይሲ ከምቲ ደቂ እስራኤል ካብ ናይ ግብጺ ባርነት ኣምላኽ ብልኡኹ ሙሴ ገይሩ ሓራ ዘውጽኦም ፣ ንዓና እውን ወዱ ልኢኹ ካብቲ ናይ ዓለም ባርነት ሓራ ኣውጺኡና እዩ። እዚ ድማ እቲ መጀመርታ ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ ምድሓን የመልክት። ድሒሩ ድማ ከምቲ ደቂ እስራኤል ናብ ናይ ዕረፍቲ ቦታኦም ከነኣን ዝተጉዓዙ ንሕና ድማ ድሕሪ ምድሓንና ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ጉዕዞ ኣሎና። ከምቲ እቶም ቀዳሞት ወለዶ ደቂ እስራኤል ብሰንኪ ዘይምእማኖም ናብ ከንኣን ዘይኣተዉ ፣ ንሕና እውን ናብ ዕረፍቱ ካብ ምእታ ከይንተርፍ ክንጥንቀቕ ኣሎና።

እዚ ንዓና ተዳልዩልና ዘሎ ዕረፍቲ ግና ኣየናይ እዩ፡ ናብ መንግስተ-ሰማይ ምእታውናዶ ይመስለኩም፡ ኣይኮነን። እዚ ዕረፍቲ እዚ ስጋዊ ሞት ምስ ሞትና እንኣትዎ ዘይኮነስ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘሎና ጉዕዞ ህይወት እንኮለና ብእምነት እንኣትዎ ዕረፍቲ እዩ። “… ንሕና እንኣምንሲ ናብ ዕረፍቱ ንኣቱ ኢና።” ይብል እቲ ቕዱስ ጽሑፍ።(ምዕ. 4.3) እዚ “ንኣቱ ኢና” ዝብል ቃል ብዛዕባ ህልው ጊዜ ይዛረብ ከምዘሎ ብንጹር ከይንርድኦ ንኽእል ኢና። ኣብ ናይ ኢንግሊዝ መጽሓፍ ቅዱስ (King Jams ይኹን NIV) እንተርኢናዮ ግና ናይ ህልው ወይ ናይ ሕጂ ምኻኑ ብቐሊሉ ክንርዳእ ንኽእል። “For we which have believed DO enter into that rest …” ስለዚ ሕጂ ብእምነት እንረኽቦ ዕርፍቲ እምበር ምስሞትና እንረኽቦ ኣይኮነን። እሞ ደኣ እንታይ ዓይነት ዕረፍቲ እዩ፡ እዚ ዕረፍቲ እዚ ድሕሪ ንጐይታ ምቕባልና ኣብ ልዕሊ ሓጥያት ብዓወት እንመላለሰሉ ኩሉ ነገራትና ንዕኡ ብምሃብ ብእኡ ዓሪፍና እንነብረሉ እዩ። ነዚ ንምብራህ ፍቕዲ 10 ከምዚ ይብል “እምብኣርሲ እቲ ኣብ ዕረፍቱ ዝኣተወስ ፣ ከምቲ ኣምላኽ ካብ ግብሩ ዝዓረፈ ፣ ንሱውን ካብ ግብሩ ዓሪፉ ኣሎ…” ኣምላኽ ኣብ ሳብዓይቲ መዓልቲ ካብ ግብሩ ዝዓረፈ ንኩሉ ፍጥረት ምስፈጠረ እዩ። ንዓና እተዳለወልና ዕረፍቲ ድማ መቐጸልታ ናይቲ ክርስቶስ ኣብ መስቀል ዝፈጸሞ ተግባር ኮይኑ ብኣምላኽ ዓሪፍና ምሉእ ትውክልትና ኣብኡ ጌርና ኣብ ልዕሊ ሓይሊ ሓጥያት እንመላለሰሉ ህይወት እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ናብቲ ጳውሎስ “… ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዝነብር ዘሎ እምበር ደጊም ኣነ ኣይኮንኩን ዝነብር ዘለኹ።” ዝበሎ ናይ ህይወት ደረጃ ምእታው ማለት እዩ። ሰብ ቅድሚ ጐይታ ምፍላጡ “ክርስቶስ ዘይኮነስ ኣነ እየ…” ዝብል ህይወት እዩ ዘለዎ። ኩሉ ነገር ባዕሉ እዩ ዝቆጻጸሮ። ምድሓን ጐይታ ምስ ረኸበ “ኣነን ክርስቶስን…” ናብ ዝብል ናይ ደረጃ ህይወት ይኣቱ። ክርስቶስ ኣብ ህይወቱ ኣትዩ ኣሎ። ንክርስቶስ ድማ ቦታ ሂብዎ ኣሎ። እንተኾነ ግና ሕጂ’ውን ህይወቱ ዝመርሓ ንሱ እዩ። ቀጺሉ ድማ ናብ “ክርስቶስን ኣነን…” ናብ ምባል ይኣቱ። እዚ ድማ ቀዳምነት ንክርስቶስ ዝሃበ ኮይኑ ፣ ንርእሱ ድማ ደጋፊ ክርስቶስ ገይሩ ዝቐጽራ እዩ። እቲ ኣምላኽ ኣዳልዩልና ዘሎ ናይ ዕረፍቲ ህይወት ግና “ኣነ ዘይኮንኩስ ክርስቶስ እዩ…” ዝብል ህይወት እዩ። ኩሉ ነገርና ንዕኡ ሂብና ንሕና ምንባር ሓዲግና (ካብ ዕዮና ዓሪፍና) ንሱ ኣብ ህይወትና ክነብር ምፍቃድ ማለት እዩ። ኩሉ ካብኡን ብእኡን ንዕኡን ምእቲ ክኸውን ንሕና ካብ ኩሉ ስራሕ ነዕርፍ ንሱ ድማ ስርሑ ይሰርሕ። እዚ እዩ እቲ ኣምላኽ ኣዳልዩልና ዘሎ

ዕረፍቲ። ናብዚ ዕረፍቲ እዚ እንተዘይኣቲና ኩሉ ክርስትያናዊ ህይወትና ከም ናይ ምድረበዳ ጉዕዞ እዩ ዝኸውን። ጻዕሪ እተመልኦ “ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን ኰን ኬድሕነኒ እዩ፧” ዝብል ናብራ እዩ ዝኸውን። ስለዚ ድማ ከም ደቂ እስራኤል ናብዚ ዕረፍቲ እዚ ካብ ምእታው ንድሕሪት ከይንተርፍ መጠንቀቕታ ይወሃበና ኣሎ። ከትርፈና ዝኽእልከ እንታይ እዩ፧ ንማንነት ክርስቶስ ብግቡእ ዘይምፍላጥን ዘይምእማን እዩ። ክርስቶስ መድሓኒና ጥራይ ዘይኮነስ ናብ ዕረፍቱ ዘእትወና እያሱና ምዃኑ ክንርዳእ ኣሎና። ናብ ዕረፍቱ ክንኣቱ ካብኡ ክንመሃር ኣሎና። ክርስቶስ ባዕሉ ከምዚ ኢሉ ኣሎ ፡ “... ካባይ ተምሃሩ ፡ ንነፍስኹም ከኣ ዕረፍቲ ክትረኽቡላ ኢኹም።” (ማቴ. 11.29) ካብ ክርስቶስ ንምሃሮ ምእዛዝን ምሉእ ትውክልትኻ ናብ ኣምላኽ ምግባርን እዩ። ነዚ ክንገብር ድማ እቲ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዝበልሐ ቃሉን ህያው መንፈሱን ተዋሂቡና ኣሎ። (ምዕ. 4.12-13)

# ሳልሳይ መጠንቐቕታ

## “ካብ ድንዛዘን ምውዳቕን ንጠንቀቕ” (ምዕ.5.10-6.20)

“ኣምላኽ ከኣ ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ሊቀካህናት ገበሮ” (ምዕ.5.10) ይብል ኣብ ሓድሽ ትርጉም። ቀጺሉ ድማ ኣብ ፍቕዲ 11ን 12 “ብዛዕባኡ ብዙሕ ነገር እንብሎ ነይሩናስ ፡ ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝኾንኩም ፡ ትርጉሙ ጭንቂ እዩ (ክንገልጸልኩም ብርቱዕ እዩ)። ከም ምንዋሕ ዘመኑስ መምሃራን ክትኰኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ ፡...” ይብል።

ሰብ እብራውያን ሓደ ካብቲ ጸገሞም ኣብ ክርስትያናዊ ህይወቶም ለውጢ ዘይገብሩ ብምዃኖም እዩ። እዚ ጸገም እዚ ሕጂ እውን እንተኾነ ኣብ ቤተክርስትያን ዝርኣይ እዩ። ሰብ ምስ ተወለደ ዕቤት ክርእይን ካብ ህጻንነት ናብ ጉብዝነትን እኹል ሰብኣይ ናብ ምዃንን ዝገብሮ ርሑይ ጻዕሪ የልቦን። ኣብ ናይ ክርስትና ህይወት ግና ዳግም ምስ ተወለድና ቆልዓ ኮይና ክንነብር ኣዚዩ ቀሊል ስለዝኾነ ዕቤት ክነርእይ ክንጽዕር የድልየና እዩ። ዕቤት ዘይነርኢ እንተኰንና እዚ ናይ ሓደጋ ምልክት እዩ። ጸሓፊ ንሰብ እብራውያን ከምኡ እዩ ዝብሎም ዘሎ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ሓያሎ ዓመታት ገይሮም ክነሶም ግና ህጻናት ኮይኖም እዩ ረኺብዎም። ስለዚ ድማ ብዛዕባ ክርስቶስ ዝብሎም ዘለዎ ክነሱ ክርድእዎ ስለ ዘይክእሉ ከነግሮም ኣይተተባብዔን። ንሕናኸ ንርእስና ብኸመይ ንግምታ፧ ከምቶም ህጻናት ኮይኖም ዝተረፉ ዲና ዘሎና፧ ወይስ ናብ ብጽሕና ንዓቢ ኣሎና፧ ኣብ ህይወትና ለውጢ ዘይብሎም ምዃን ድንዛዘ ኢልዎ ኣሎ። (5.11ን 6.11-12) ስለዚ ንሕና ካብዚ ናብራ እዚ ወጺእና ናብ ብጽሕና ክንዓቢ ኢና ተጸዊዕና።

ብኸመይ እዩ እዚ ዝብጻሕ፧ ምዕ.6.1-2 ከምዚ ይብል ፡ “ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሓዲግና ፡ (ብንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ ፡ ብእምነት ብኣምላኽ ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት ፡ ብምንባር ኣእዳው ፡ ብትንሳኤ ምውታን ፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ) ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ።” ኣብዚ ክንሓድጎ ዘሎናን ክንበጽሖ ዘሎናን ነገራት ይዛረብ። እቲ ንሓድጎ ነቲ ናይ ክርስቶስ መጀመርያ ነገሩ ክኸውን እንከሎ ፡ እቲ ዝስዕብ ድማ ናብ ፍጻሜኡ ምሕላፍ እዩ። ናይ ክርስቶስ ነገር ደኣ እንታይ ኢና ክንሓድግ፧ ተገራጫዊ ነገር እዩ ዝመስል። እንተኾነ ግና እቲ ቐዳማይ ከም መሰረት ኮይኑ እቲ ዝስዕብ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ዝህነጽ እዩ። ቤት ክህነጽ እንከሎ ብመሰረት እዩ ዝጅምር። መሰረቱ ድማ ጽኑዕ ክኸውን ኣለዎ። ቤት ክትሃንጽ መዲብካ ግና መሰረት ምስ ኣንጸፍካ ኣብቲ መሰረት ኣይትነብርን ኢኻ። እቲ ቤት ክትሃንጾ ኣሎካ። ስለዚ እዩ ድማ “ናብ ፍጻሜኡ ንሕለፍ” ዝበለና። ብርግጽ ካልእ ክነንጽፎ ዝግብኣና መሰረት የልቦን። መሰረትና ክርስቶስ እዩ። ኣብ ልዕሊኡ ክንህነጽ ግና ብግዲ እዩ። እቲ ተጠቒሱ ዘሎ መሰረት ሰለስተ ጽምዲ ነገራት ዝሓቘፈ መሰረት ምድሓንና እዩ። እቲ ቀዳማይ ብንስሓ ካብ ምዉት ግብሪ ፡ ብእምነት ብኣምላኽ እዩ። እዚ ብስራሕ ክርስቶስ እንረኽቦ ክኸውን እንከሎ ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ብዛዕባ ንእመናን ምስ ማሕበር ዘሎና ርክብን ዝገልጽ እዩ ፡ ብትምህርቲ ጥምቀት ፡ ብምንባር ኣእዳው ኢሉ ድማ ጠቒስዎ ኣሎ። እቲ ሳልሳይን ናይ መወዳእታን ድማ ብትንሳኤ ምውታን ፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ኢልዎ ዘሎ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ነገር እዩ። ምድሓን ኣብዚ ዝተመስረተ እዩ። ነዚ ኣብ መሰረት ሓዲግና ናብ ፍጻሜ ክንሓልፍ ኣሎና። ንቕድሚት ክትግስግስ ዝግብኣካ ደው ኢልካ እንተ ኣሎኻ ንድሕሪት ትኸይድ ኣሎኻ ማለት እዩ። ዘይምትጋህ ድማ ድንዛዘ ምርኣይ ማለት እዩ።

“ነቶም ሓደ ጊዜ ብርሃን ዝበርሃሎም ... እንተ ወደቑ ... ከም ብሓድሽ ንንስሓ ኺሕደሱ ኣይከኣሎምን እዩ።”(6.5-6) ብምባል ድማ ነቲ መጠንቀቕታ ይቕጽሎ። ነዚ ንምብራህ ኣብ ፍቕዲ 7 ብዛዕባ ሓደ መሬት ይዛረብ እቲ ጸሓፊ። ሓረስታይ ኴንካ ግራትካ እኹል ዝናም ረኺባ ሓሪስካያ ከተብቅዕ ናይ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ፍረ ኣብክንዲ ምሃብ እሾኽን ዳንዴርን እንተ ኣብቆለት ዕጻኣ መርገምን ኣብ መወዳእታ ድማ ምንዳድን ከምዝኾውን ይገልጽ። ስለዚ ድማ ንሕና ከምዚኦም ከይንኸውን እዩ ዘጠንቅቐና ዘሎ። ብርግጽ ምድሓኑ ዝረኸብና እንተኴንና ዕቤት ክነርኢ ኢና። ኣምላኽ ድማ ነቲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዙ ንቕዱሳኑ ይኹን ንስሙ ዘርኣዮ ፍቕሪ ዝርስዕ ገፋዒ ኣምላኽ ኣይኮነን።(ምዕ 6.9-10) ስለዚ ነቶም ብእምነትን ብትግሃትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ክንመስሎም እንበር ፡ ድንዙዛት ከይንኸውን ነፍሲ ወከፍና ክሳዕ መወዳእታ ትግሃት ክነርኢ ኣሎና። (ምዕ 6.11-12) ብድሕርዚ ድማ ከምቲ ንኣብርሃም ተስፋ ኣትዩሉ ዘውረሶ ንሕናውን ወረስቲ በረኸት ኣምላኽ ክንከውን ኢና። (ምዕ 6.13-20)

# ራብዓይ መጠንቐቕታ

## “ፈቲኻ ሓጢኣት ካብ ምግባርን ንድሕሪት ካብ ምምላስን ንጠንቐቕ” (ምዕ 10 ፥26-39)

ኣብተን ዝሓለፋ ሰለስተ መጠንቀቕታታት መጀመርያ ብዛዕባ ሸለል ምባል ፡ ኣብ ካልኣይ ብዛዕባ ዘይምእማን ፡ ኣብ ሳልሳይ ድማ ብዛዕባ ድንዛዘ እዩ ተዛሪቡ። ራብዓይን ሓሙሻይን መጠንቀቕታ ዝተወሃባ ድማ ድሕሪ እቲ ካልኣይ ክፋል ትምህርቲ መልእኽቲ ዕብራውያን ማለት ብዛዕባ ሰረተ- እምነታዊ (Doctrinal) ትምህርቱ ወዲኡ ፡ ብዛዕባ ተግባራዊ (Practical) ትምህርቱ ምስ ጀመረ እየን ተዋሂበን። ኣብ ምዕ. 10.19-25 ከም እንርእዮ “በቲ መጋረጃ ፡ ማለት ብስጋኡ ዝተቐደሰልና ሓድሽን ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዝህልወና ፡ ኣብ ቤት ኣምላኽውን ዓብዩ ኻህን ካብ ዝህልወናስ ፡ ልብና ካብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ ፡ ስጋናውን ብጽሩይ ማይ ተሓጺቡ ፡ ምሉእ ብተረዳእናያ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ። እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ እሞ ነታ እምንቶ ተስፋና ብዘይ ምንቕናቕ ነጽንዓያ። ንፍቕርን ሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል። እዚ ድማ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ ፡ ኣጸቢቕኩም ትርእዩ ኣለኹም እሞ ፡ ንሓድሕድና ንመዓዓድ እንበር ፡ ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገበርዎ ፡ ኣኼባና ኣይንሕደግ።” ይብል። ሳላ ደምን ስጋን ክርስቶስ ናብቲ ቅዱስ መቕደሱ ፡ ናብ ዙፋን ኣምላኽ ክንቀርብ ትብዓት ኣሎና። እዚ ትብዓት እዚ ግና ክንድርብዮ ንኽእል ኢና። “...ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ።” (ምዕ.10.35) እዚ ንኸይከውን እዩ ድማ ራብዓይ መጠንቀቕታኡ ዝህበና ዘሎ። እቲ ቀዳማይ ናይ ሓደጋ ምልክት ፡ ኣኼባና ምሕዳግ እዩ። ምስ ኣሕዋት ሕብረት ምግባር ይጽልኣና ወይውን ይስልችወናዶ፡ እዚ ናይ ሓደጋ ምልክት እዩ እሞ ፡ ብድኻምና ዝድንግጸልና ሊቀ ኻህን የሱስ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘሎና ፡ ብኣግኡ ካብ ዙፋን ጸጋ ኣምላኽ ምሕረት ንኽንቕበል ዘሎና ኩሉ ጾርን ነቐፋን ሒዝና ናብ ኣምላኽ ንቕረብ። እንተዘይኮይኑ ግዳይ ናይ ራብዓይ መጠንቀቕታ ክንከውን ኢና።

“...ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ።” (ምዕ.10.35) እቲ ዘሎና ትብዓት ከደርብየና ዝኽእል ነገር እንታይ እዩ እንተ ኢልና መልሱ “ሓጢኣት” እዩ። “...ልብና እንተዘይነቐፈና ኣብ ኣምላኽ ትብዓት ኣሎና።” ይብል 1ዮሃ.3.21። ስለዚ እዩ ድማ ጸሓፊ እብራውያን ኣብዛ ራብዓይቲ መጠንቀቕታኡ ብዛዕባ ፈቲኻ ሓጢኣት ምግባርን ንድሕሪት ምምላስን ዘጠንቅቕ ዘሎ። ምስቲ መጠንቀቕታ ኣተሓሒዙ እቲ ዘስዕቦ ዘሰኽሕ መቕጻዕቲውን ይገልጾዎ ኣሎ። ክንድዚ ዘሰክሕ ምጽባይ ፍርዲ እንተሃልይዎ ደኣ “ፈቲኻ ሓጢኣት ምግባር” ከመይ ዓይነት እዩ፧ ካብ ፈቲኻ ዝግበር ሓጥያት ርእስና ንኽንሕሉ ነዚ ብኸመይ ካብ ካልእ ዓይነት ሓጢያት ክንፈልዮ ንኽእል፧ ካብቲ ካልእ ዓይነት ሓጢኣትከ ክንፈልዮ ንኽእልዶ፧ እቲ ዘገርም ክንፈልዮ ኣይንኽእልን ኢና። ንመፍለዩ ዝኸውን ንጹር ዶብ ወይ መዓቀኒ ኣይተወሃበናን። ንምንታይ ደኣሉ እዚ መጠንቀቕታ ተዋሂቡና ኢልና ምስ እንሓትት ግና ፡ እዚ መጠንቀቕታ እዚ ካብ ኩሉ ዓይነት ሓጢኣት ኣዚና ክንርሕቕ እዩ ዝነግረና ማለት እዩ። ሓጢኣት ኣብ ኣምላኽ ዘሎና ትብዓት እዩ ዘደርብየና። እዚ ዝኸፍኤ እዩ ፡ እዚ ድማ ደሓን እዩ ዝበሃል የብሉን። ናብዚ ሓደጋ እዚ ንኸይንኣቱ ኣኼባና ክንሓድግ የብልናን ፡ ንፍቕርን ሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ድማ ኣብ ንሓድሕድና ክነስተብህል ኣሎና። (ምዕ.10.24-25) ሓደ ብመርከብ ዝጓዕዝ ዝነበረ ሰብ ነቲ ኣብ ከባቢ እቲ ወደብ ዝነበረ በላሕቲ ኣኻውሕ ምስረኣየ ነቲ ካፕቴን (መራሒ መርከብ) ከምዚ ክብል ሓተቶ ፡ ‘እዚ ኣኻውሕ ደኣ ነዛ መርከብ

ክትዕሸግ እንኮላ ሓደገኛዶ ኣይኮነን፧' እቲ ካፕቴን ድማ 'ኣዚዩ ሓደገኛ እንበር' በሎ። እቲ ተንዓዛይ ደጊሙ 'እሞ ደኣ ኣየፍርሃካን፧' ክብል ሓተቶ። 'ኣየፍርሃንን እዩ። ምኽንያቱ ነዛ መርከብ ናብኡ ገጸይ ኣየቕርባን እየ።' ኢሉ መለሰሉ። ሓጥያት ድማ ከምኡ እዩ። ኣብ ዝኾነ እዋን ምርጫና ካብኡ ምርሓቕ ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ዝገርም ኣብ ሓድሽ ኪዳን ብክርስቶስ ዝረኸብናዮ በረኸት ጥራይ ዘይኮነ ካብቲ ናይ ብሉይ ኪዳን ዝበልጽ እቲ ዘስዕቦ መርገም ወይ መቕጻዕቲ እውን ኣዚዩ ዓቢ እዩ። "ንሕጊ ሙሴ ዘፍረሰ ብቓል ክልተ ወይ ሰለስተ እዩ ብዘይ ድንጋጸ ዚመውት። ንወዲ ኣምላኽ ዝረገጸ ፡ ነቲ እተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ ፡ ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ ግዳ ክንደይ ስገደደ ቕጽዓት ዘይግብኦ ይመስለኩም፧"(ምዕ.10.28-29) ወዲ ኣምላኽ ፡ ህያብ እግዚኣብሄር ኣብ እዩ። እተቐደሰ ደም ኪዳን ፡ እግዚኣብሄር ወልድ ዘፍሰሶ ደሙ እዩ። መንፈስ ጸጋ ድማ እግዚኣብሄር መንፈስ ቅዱስ ፡ እቲ ንምድሓን ጸጋ ኣባና ክውን ዝገበረ እዩ። ስለዚ ሕጊ ሙሴ ብዘይ ድንጋጸ ካብ ዘቕጽዕ ንስራሕ ስላሴ ዝነጸገ ደኣ ክንደየናይ! "ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዜስክሕ እዩ።" (ምዕ.10.31)

ኣስዒቡ ጸሓፊ እብራውያን "ነተን ብዙሕ ገድልን ስቓይን ተዓጊስኩም ፡ ብርሃን እተቐበልኩምለን ቀዳሞት መዓልትታት ዘክርወን" ብምባል መጠንቀቕታኡ ናብ ለበዋ ክቕይሮ እንከሎ ንርኢ። ምድካምን ምሕላልን ክኸበና እንከሎ ምልስ ኢልና ነተን ቀዳሞት መዓልትታት ክንዝክር ኣገዳሲ እዩ። ክንደይ ፈተና ፡ መከራ ፡ ጸርፊ ፡ ጸበባ ፡ ላግጺን ካልእን ተዓጊስና ብሓጎስዶ ኣይሓለፍናን ኢና፧ ስለዚ ድማ ፍቓድ ኣምላኽ እናገበርና (ካብ ሓጢኣት እናርሓቕና) ትብዓትና ከይደርቤና ፡ ነታ ተስፋ ምእንቲ ክንረኽባ ትዕግስቲ ከድልየና እዩ። ጻድቕ ግና ብእምነት እዩ ዚነብር ፡ ንድሕሪት እንተ ተመልሰ ድማ ፡ ነፍሰይ ብእኡ ናህ ኣይብላን እዩ። ንሕና (እቶም ብርግጽ ምድሓን ኣምላኽ ዝረኸብና) ግና ምስቶም ምድሓን ነፍሶም ኪረኽቡ ዚኣምኑ እምበር ፡ ምስቶም ናብ ጥፍኣት ንድሕሪት ዚምለሱ ኣይኮንናን። (ምዕ.10.39)

# ሓሙሻይ መጠንቐቕታ

## "ካብ ንክርስቶስ ዝባንካ ምሃብ ንጠንቐቕ" (12፣14-29)

ጸሓፊ መልእኽቲ እብራውያን ኣብ ተግባራዊ (Practical) ትምህርቱ ዝሸፈኖም ነጥብታት ደጊመ ክጠቕሶም ፡ ኣብ ምዕ.10.19-25 ናብቲ ቅዱስ መቕደስ ምእታውን ኣብኡ ምንባርን ፡ ኣብ ምዕ.11 ብዛዕባ ምልኣት እምነት ፡ ኣብ ምዕ.12.1-13 ብዛዕባ ትዕግስቲ ተስፋ ፡ ኣብ ምዕ.13 ብዛዕባ ፍቕርን ሰናይ ግብርን እዩ ምሂሩ። ራብዓይ መጠንቀቕታ ነቲ ቀዳማይ ትምህርቱ ማለት ፡ ናብቲ ቅዱስ መቕደስ ምእታውን ኣብኡ ምንባርን ኣስዒቡ እዩ ሂቡ። ሓሙሻይ መጠንቀቕታ ድማ ብዛዕባ ትዕግስቲ ተስፋ ድሕሪ ምምሃሩ እዩ ዝህብ ዘሎ።

"ብዘይ ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይክርእዮን እዩ እሞ ፡ ንቕድስናን ንሰላም ምስ ኩሉ ሰብን ስዓብወን።" (ምዕ.12.14) ብቕድስናን ብሰላምን ምንባር ሓደ ክፋሉ ምስ ሰባት ዘሎና ርክብ እዩ ዘንጸባርቕ። ምስ ሰባት ጽቡቕ ዝምድና እንተ ዘይሃልዩና ሰላም ምስ ኣምላኽ ክነስተማቕሮ ኣይንኽእልን ኢና። ሃዋርያ ጳውሎስ እውን "…ንሓድሕድኩምውን ብሰላም ንበሩ።" (1ተሰ.5.13) ኢሉ ኣሎ። ብቕድስና ምንባር ማለት ኣብ ፍቓድ ኣምላኽ ምንባር ማለት እዩ። ሽዑ ኢና ድማ ንኣምላኽ እንርእዮን እንፈልጦን። "…ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር (ንኣምላኽ) ኣይረኣዮን ኣይፈልጦንውን።" (1ዮሃ.3.6)

"ሓደ እኳ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ከይጐድል…"(ምዕ.12.15) ንክርስቶስ ዝባንካ ምሃብ ኻብ ጸጋ ኣምላኽ ብምጉዳል እዩ ዝጅምር። ሰብ ገላትያ ብሰንኪ ጽድቂ ርእሶም ምድላዩም 'ካብ ጸጋ ወደቕኩም' ተባሂሎም እዮም። (ገላ.5.4) ሰብ እብራውያን ድማ ካብ ጸጋ ኣምላኽ ከይጐድሉ መጠንቀቕታ ይወሃቦም ኣሎ። ካብ ጸጋ ኣምላኽ ዘጉድሎም ድማ ሰለስተ ነገራት ተጠቒሶሎም ንርኢ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ፍቕዲ 15 እንረኽቦ ንብዙሓት ዘርክስ ገለ መሪር ሱር ዚበሎ እዩ። እዚ መሪር ሱር ኢልዎ ዘሎ ፡ መሰረታዊ ናይ ስሕተት ትምህርቲ ፡ ንብዙሓት ዘርክስ እዩ። እቲ ካልኣይን ሳልሳይን ድማ ኣብ ፍቕዲ 16 እንረኽቦ እዩ። "ሓደ እኳ ኣመንዝራ ዝኾነ ፡ ወይ ከምቲ ንሓንቲ ጊዜ ኺበልዕ ኢሉ ብኹርናኡ ዝሸጠ ኤሳው መንፈስ ዘይብሉ (ርኹስ) ሰብ ከይህሉ

ተጠንቀቑ።" (ሓድሽ ትርጉም) ኣብዚ ካልኣይ ኣመንዝራ ኢሉ ብንጹር ዓይነት ሓጢኣት ተጠቒሱ ንረኽቦ። እቲ ሳልሳይ ድማ ብርኽሰት ተጠቒሱ እንረኽቦ ተግባር ኤሳው እዩ። ኤሳው ነታ ንሽዓ ዝነበረት ጥሜቱ ንኽዕንግል ኢሉ ነቲ ሰማያዊ ትርጉም ዘለዎ ቡኽርናኡ ሸጦ። ጸኒሑ ብንብዓት እኳ ክመልሶ እንተደለየ ኣይከኣለን። ናይ ምሕረት ማዕጾ ተዓጽዩ እዩ። ንሕና ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ካብ ጸጋ ኣምላኽ ንጎድል ከይንህሉ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ብፍላይ ከም ኤሳው ነቲ ሰማያዊ ነገር በቲ ጊዝያዊ ነገር ፣ ነቲ ዘይሓልፍ በቲ ሓላፊ ከይንለውጦ ክንጥንቀቕ ኣሎና። ሽዓ ንኽበልዑ ኢሎም ኤሳው ቡኽርናኡ ፣ ኣዳም ድማ ንኤደን ገነት ክስእኑ ከለዉ ፣ ዳኒኤል ንብልዒ ንጉስ ፣ የሱስ ድማ ንፈተና ዲያብሎስ ኣይንበልዕን ኢና ብምባል እዮም ስዒሮም። ኣብዚ ክንዝንግዕ ዘይብልና ነገር "ሓደ...ሰብ ከይህሉ" ክብል እንከሎ ንርእስና ጥራይ ዘይኮንና ካብዚ ሓደጋ ክንጥንቀቕ ዘሎና ፣ ንኻልኦት እውን ካብዚ ሓደጋ ንምሕላው ኣብ ንሓድሕድና ክንዓይይ ከምዘሎና እዩ። ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ካብ ጸጋ ዝጐድል ክህሉ የብሉን።

ካብ ጥቕሲ 18-24 ኣብ ዘሎ ድማ ጸሓፊ እብራውያን ክልተ ነገራት ከወዳድር እንከሎ ንርኢ። ንሱ ድማ ህዝቢ እስራኤል ዝበጽሕዎን ንሕና ዝበጻሕናዮን እዩ። ህዝቢ እስራኤል ናብ ከረን ሲና ክበጽሑ እንከለዉ ንሕና ግና ናብ ከረን ጽዮን ኢና በጺሕና። ከረን ሲናን ከረን ጽዮንን ምልክት ናይ ክልቲኡ ኪዳን እዩ።(ገላ.4.24-26) ህዝቢ እስራኤል ሕጊ ኣምላኽ ክቕበሉ ናብ ከረን ሲና ምስቀረቡ ኣዚዩ ዘፍርህ ከም ዝነበረ ተገሊጹ ንረኽቦ። ሙሴ እውን እንተኾነ "እፈርህን እንብድበድን" ኢሉ ኣሎ። ንሕና ግና ናብ ከረን ጽዮን ፣ ናብታ ከተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊት የሩሳሌም ፣ ናብቶም ኣእላፋት መላእኽቲ ፣ ናብ ጉባኤ ኹሉ ፣ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለዉ በዅራት ፣ ናብ ኣምላኽ ፈራዲ ኵሉ ፣ ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማን ጻድቃን ፣ ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ፣ ናብቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሔሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደም ኢና በጺሕና። እዚ እቲ ናይ በሓቂ ቦታና እዩ። እዚ ቦታና እንተ ዘይፈሊጥናዮን ኣብኡ እንተዘይተረኺብናን ፣ ንርእስና ኣብ ሲና ኢና እንረኽባ። ንሱ ድማ ቦታ ትሕቲ ሕጊ ፣ ቦታ ፍርህን ባርነትን እዩ። ከረን ጽዮን ግና ቦታ ትሕቲ ጸጋ ፣ ቦታ ትብዓትን ሓርነትን እዩ። ኣብ ከረን ሲና እንተሎና ብግብርና ኢና ንመላለስ ዘሎና ፣ ካብ ጸጋ ድማ ወዲቕና ኣሎና ማለት እዩ። ህዝቢ እስራኤል ኣብ ምድሪ (ከረን ሲና) ኺዛረቦም ከሎ ፣ ኣብዮም ካብ ዘየምልጡስ ፣ ንሕና ነቲ ኻብ ሰማይ ዚዛረበና ክርስቶስ ዝባንና ኻብ እንመልሰሉ ግዳ ከመይ ኢልና ከነምልጥ፧ ስለዚ ነቲ ዝዛረበና ዘሎ ከይትኣብይዎ ተጠንቀቑ። "ከመይ ኢልና ከነምልጥ" ዝብል መጠንቀቕታ ኣብዚ ንሳልሳይ ጊዜ እዩ ዝጠቕሶ ዘሎ። (2.2-3 ፣ 10.26 ተመልከት) ዓቢ ሓለፋ ዓቢ ሓላፍነት እዩ ዝሓትት። ከረን ሲና ዘርዕድ እዩ ኔሩ። ቁጥዓ ናይቲ ካብ ከረን ጽዮን እተዛረበና ግና ዝገደደ እዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ድምጹ ንምድሪ እዩ ኣንቀጥቂጡ ሕጂ ግና ንምድርን ንሰማይን ከንቀጥቅጦ እዩ። ብጃካ ነታ ዘይትንቀጥቅጥ መንግስቲ - ከረን ጽዮንን ነቶም ናታ ዜጋ ዝኾኑን ንኹሉ ፍጥረት ድማ ከጥፍኦ እዩ። "ኣምላኽ ዚባላዕ ሓዊ እዩ ፣ ስለዚ ንሕና ዘይትንቀጥቅጥ መንግስቲ እንቕበል ካብ ኰንናስ ፣ ንኣምላኽ ብዜሓጒሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናገልገልና ነመስግን።" (ምዕ.12.28-29)

ስለዚ እዞም ኣብዚ ዘመን ዘሎና ህዝቢ ኣምላኽ እውን ነዘን ሓሙሽተ መጠንቀቕታ ብግቡእ ተረዲእና ኣብ ጉዕዞ ክርስትያናዊ ህይወትና ክንጥቀመለን ይግብኣና። ናብቲ ዝሰማዕናዮ ነቕልብ! ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ንጋደል! ድንዛዘን ለውጢ ዘይብሉ ህይወትን ካባና ነርሕቕ! ንርእስና ካብ ሓጥያትን ንድሕሪት ምባልን ንሓሉ! ንክርስቶስ ድማ ዝባንና ኣይንሃቦ!

ኣብ መወዳእታ ኣብ ምዕራፍ 13.15 ብዘላ ጥቕሲ ሓሳበይ ክዓጹ። "እምበኣርስከ ኵሉ ጊዜ ንኣምላኽ ብየሱስ መስዋእቲ ምስጋና ነቕርብ።..." ብኻልእ ኣዘራርባ ድማ ኩሉ ጊዜ 'ምስጋና ሃብ' (GIVE THANKS) እዩ ዝብል ዘሎ። እዚ እዋን እዚ 2009 ዓ.ም. ተዛዚሙ 2010 ዓ.ም. ዝጅመረሉ ዘሎ እዋን እዩ። እሞ ደኣ እዛ ሓዳሽ ዓመት ንኣምላኽ ብዜሓጒሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናገልገልና ምስጋና እንህበሉ ጊዜዶ ኣይኮነን፧

ጸጋ ኣምላኽ ይሓግዘና!

beteZION Ministry